بسم الله الرحمن الرحيم

# ዒዳት ሙስሊሚን




ከምኡ'ውን ካልኦት

## ኣገደስቲ ኣዋርሕን መዓልታትን

## أعياد المسلمين

كل عام وأنتم بخير

ስዒድ ኣሕመድ - 21/04/2023
habereta@hotmail.com

# ትሕዝቶ

| | |
|---|---|
| መእተዊ | 3 |
| ትሕዝቶ ስእልታት | 3 |
| ህጅሪያ ዓውደ-ኣዋርሕ | 4 |
| ጎርጎርዮሳዊ ዓውደ-ኣዋርሕ (Gregorian calendar) | 5 |
| ቀንዲ ዒዳት ኣብ ኢስላም፡ ትሕዝቶን ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታን | 10 |
| 1. ዒድ ኣል-ፊጥር ( عيد الفطر) | 11 |
| ስነ-ስርዓትን ደምብታትን ዒድ ኣል-ፊጥር | 12 |
| ዘካተል-ፊጥር | 12 |
| ዝወሃብ ዘካተል ፊጥር እንታይ ክኸውን ኣለዎ? | 13 |
| 2. ዒድ ኣል-ኣድሓ (عيد الأضحى) | 14 |
| ዒድ ኣል-ኣድሓ (عيد الأضحى)- ታሪኻዊ መበቆልን ዕላማን | 15 |
| ኣልኣያም ኣልዓሽር (العشر الأيام) ዓሰርተ መዓልታት | 18 |
| ሱና (ብሉጽ ተግባራት) ኣብ ዒድ ኣል-ኣድሓ | 20 |
| 3. ሰላተል-ዒድ | 21 |
| ኣገባባት ሰላተል-ዒድ | 22 |
| ናይ ዒድ ኹጥባ | 22 |
| ዒድ ኣብ ጅምዓት መዓልቲ ምስ እትውዕል | 22 |
| 4. ሕርዶት ዒድ ኣል-ኣድሓ | 23 |
| 5. ናይ ተሽሪቕ መዓልታት - ኣያም ኣል-ተሽሪቕ (أيّام التشريق) | 25 |
| 6. ካልኦት ዒዳት ኣለዉ ዶ? | 27 |
| 7. ኣገደስቲ ኣዋርሕ ኣብ ኢስላም | 27 |
| 8. ኣገደስቲ መዓልታት ኣብ ኢስላም | 28 |
| ለይለቱል-ቀድር | 28 |
| መዓልቲ ዓረፋ | 28 |
| መውሊደ-ነቢ | 29 |
| ዓሹራ | 29 |
| ለይቲ ረጀብ | 30 |
| ለይቲ ኢስራእን ሚዕራጅን | 30 |

**ትሕዝቶ ሰእልታት**

ሰእሊ 1፡ መሰረት ወርሓዊ ዓወደ-ኣዋርሕ - Lunar Calendar (ህጅርያ) ..........4
ሰእሊ 2፡ መሰረት ጸሓያዊ ዓወደ-ኣዋርሕ - Solar Calendar (ጎርጎርዮሳዊ) ........5
ሰእሊ 3፡ መንገዲ ዑደት ወርሒ ኣብ ክሊ መሬት........................................7
ሰእሊ 4፡ ኩለን ኣኣብ ናተን ቅናተ-ዙረት ዑደት የካይዳ ................................8
ሰእሊ 5፡ ዑደት ጸሓይ ምስ ፕላኔታታ ..................................................8
ሰእሊ 6፡ ኣዋርሕ ህጅርያ .....................................................................9
ሰእሊ 7፡ ተከቢራት ዒድ ......................................................................27

**መእተዊ**


ዲነል-ኢስላም ምስ ካልኦት ሃይማኖታት ክነጻጸር እንከሎ ውሑዳት ዒዳት ጥራሕ ኣለዎ። ኣብ ኢስላም ዘለዉ ዒዳት ከምኡ'ውን ኣገደስቲ ንዲነል-ኢስላም ዝምልከቱ መዓልታት ኣብ "ህጅሪያ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ኢስላም ዓውደ-ኣዋርሕ (Calendar) ዝተመርኮሱ እዮም። እዚ ዓውደ-ኣዋርሕ ካልኣይ ኸሊፋ ብዝኾኑ ዑመር ኢብን ኣል-ኸጣብ ረ.ዓ. ብ638 ጎርጎርዮሳዊ ዓውደ-ኣዋርሕ (ናይ ኤውሮጳ ኣቆጻጽራ) ዝተፈለመ ኮይኑ ንናይ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ካብ መካ ናብ መዲና ዝተጎዓዙሉ መዓልቲ ከም መበገሲ ይጥቀም። ሮሞዳን ዝጅምረሉን ዝውድኣሉን፡ ሓጅ ዝካየደሉ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣገደስቲ መዓልታት ብናይ ህጅሪያ ዓውደ-ኣዋርሕ ዝውሰኑ እዮም። በዚ መሰረት ቁሩብ ኣፍልጦ ብዛዕባ ናይ ህጅሪያ ዓውደ-ኣዋርሕ ምሓዝ ጠቓሚ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ብሕጽር ዝበለ መልክዕ ከም ድሕረ-ባይታ ኣብ ስዒባ ዘላ ዓንቀጽ መግለጺ ተዋሂቡ ኣሎ።

**ህጅሪያ ዓውደ-ኣዋርሕ**

ኣብ ናይ ኢስላም ዓውደ-ኣዋርሕ ሓንቲ ዓመት 12 ኣዋርሕ ዝሓዘት ኮይና፡ **<u>ወርሒ ኣብ ዙርያ መሬት ኣብ እትገብሮ ዑደት</u>** ብምምርኳስ ካብ 354 ክሳብ 355 መዓልታት ድማ ኣለዋ። እዚ ኣቆጻጽራ ወርሓዊ ዓውደ-ኣዋርሕ (Lunar Calendar) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ዓውደ-ኣዋርሕ ንመድረኻት ጉዕዞ ወርሒ ኣብ ዙርያ መሬት (phases of the moon) መሰረት ብምግባር ይጽብጸብ።

ኣብ ሱረት ኣል-ብቐራ ኣያ 189 (2፡189) ሓዳሽ ወርሒ ንደቂሰባት ግዜ መወሰኒ ከምኡ'ውን እዋን ሓጅ መመልከቲ ከምዝኾነት ብስዒቡ ኣገባብ ተጠቒሱ ይርከብ፡

[يَسۡـَٔلُونَكَ عَنِ ٱلۡأَهِلَّةِۖ قُلۡ هِيَ مَوَٰقِيتُ لِلنَّاسِ وَٱلۡحَجِّۗ]





*ስእሊ 1፡ መሰረት ወርሓዊ ዓወደ-ኣዋርሕ - Lunar Calendar (ህጅርያ)*

ምስ'ዛ ስእሊ ብምትሕሓዝ ኣብ ሱረት ዩኑስ ኣያ 5 (10፡5) ጸሓይ ወሃብ ብርሃን ምኳና፡ ወርሒ ድማ ተቀባል ብርሃን ምኳና (ናታ ብርሃን ከምዘይብላ) ተጠቒሱ ዘሎ ምስትውዓል ይከኣል፡

ٱلشَّمۡسَ ضِيَآءٗ وَٱلۡقَمَرَ نُورٗا

**ጎርጎርዮሳዊ ዓውደ-ኣዋርሕ (Gregorian calendar)**

በንጻሩ ድማ ጎርጎርዮሳዊ ኣውደ-ኣዋርሕ (Gregorian calendar) ተባሂሉ ዝጽዋዕ (ንኣብነት ናይ ምዕራባዊ ዓውደ-ኣዋርሕ) **መሬት ኣብ ዙርያ ጸሓይ ኣብ እትገብሮ ዑደት** ብምምርኳስ ሓንቲ ዓመት 365 (ኣብ ኣኣርባዕተ ዓመት ድማ 366) መዓልታት ትሕዝ። እዚ ኣቆጻጽራ ጸሓያዊ ዓውደ-ኣዋርሕ (Solar Calendar) ተባሂሉ ይጽዋዕ።




*ስእሊ 2፡ መሰረት ጸሓያዊ ዓወደ-ኣዋርሕ - Solar Calendar (ጎርጎርዮሳዊ)*

በዚ መሰረት ድማ ናይ ኢስላም ዓውደ-ኣዋርሕ ካብ ናይ ምዕራባዊ ኣቆጻጽራ ካብ 10-11 መዓልታት ስለዝፈላለየ፡ ዒዳትን ካልኦት መዓልታትን ዓመት ዓመት ኣብ ዝተፈላለያ ኣዋርሕ ክውዕላ ይረኣያ። እዚ ማለት ንኣብነት ሮሞዳን ዓመት ዓመት ካብ ዝሓለፈት ሮሞዳን ካብ 10-11 መዓልታት ንድሕሪት እንዳተመለሰት ትጅምር።

እታ ቀዳመይቲ ዓመት ኣብ ናይ ህጅሪያ ዓውደ-ኣዋርሕ፡ ብናይ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ንመካ ገዲፎም ናብ መዲና ዝኸድሉ መዓልቲ ትጅምር። ቀዳመይቲ ዓመት ኣብ ናይ ህጅሪያ (ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ካብ መካ ናብ መዲና ዝተጓዓዝሉ ዓመት) ዓውደ-ኣዋርሕ ብናይ ጎርጎርዮሳዊ ዓውደ-ኣዋርሕ 622 ዓ.ም. ይኸውን።

ንኣብነት ሮሞዳን 2020 ዝጀመረትሉ ዕለት ብናይ ህጅሪያ ኣቆጻጽራ 1 ሮሞዳን 1441 ዓመተ ህጅሪያ

ክኸውን እንከሎ ብናይ ምዕራባዊ ኣቆጻጽራ ድማ 24/04/2020 (April) ይኸውን።
ሮሞዳን 2000 ዝጀመረትሉ ዕለት ብናይ ህጅሪያ ኣቆጻጽራ 1 ሮሞዳን 1421 ዓመተ ህጅሪያ ክኸውን እንከሎ ብናይ ምዕራባዊ ኣቆጻጽራ ድማ 28/11/2000 (November) ይኸውን። በዚ መሰረት ኩሉ ህዝቢ ዓለም ኣብ ክንዲ ኣብ ሓንቲ ውስንቲ ወርሒ ጥራሕ ዝጾሙ (ኣብ ዓዲ ሃሩር ዘለዉ ኩሉ ግዜ ኣብ ወርሒ ሃሩር ጥራሕ ምጾሙ ወይ ኩሉ ዓመት ፍሉጥ ዝኾነ ንብዙሕ ሰዓታት ምጾሙ፡ በንጻሩ ድማ ኣብ ዓዲ ቁሪ ዝነብሩ ኩሉ ግዜ ኣብ ወርሒ ቁሪ ወይ ኩሉ ዓመት ፍሉጥ ዝኾነ ንውሑድ ሰዓታት ጥራሕ ምጾሙ) ብናይ ረቢ ሱ.ወ. ራሕማ ሮሞዳን ዓመት ዓመት ኣብ ኩለን ኣዋርሕ እንዳዞረት ኣብ ኩለን ክፍለ-ዓመት ወቕትታት (ጽድያ፣ ክረምቲ፣ ሓጋይ፣ ቀውዒ) ከምኡ'ውን ኣየር ኩነታትን ብምዝዋር ኩሉ ኣህዛብ ዓለም ብገምጋም ማዕረነት ብዘለዎ ኣገባብ ከምዝጸውም ይኸውን (ኩሉ እዋን ሃሩር እዋን ቁርን ይጥዕም)።

እዚ ተርእዮ ኣብ ኣብ ኣጠቓቕማ ጸሓያዊ ዓወደ-ኣዋርሕ ዝርከብ ኣይኮነን። ንኣብነት ሮሞዳን ዓመት ዓመት ኣብ ሓንቲ ፍልጥቲ ወርሕን መዓልትን ምስ ወዓለት እሞ ናይ ምጂም ማዕርነት ኣይምተረኸበን።

ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 185 (2፡185) ሰፊሩ ከምዘሎ ወርሒ ብምርኣይ ሮሞዳን ከምዝጅምር መምርሒ ይርከብ።

فَمَن شَهِدَ مِنكُمُ ٱلشَّهۡرَ فَلۡيَصُمۡهُ

ኣብ ሓዲስ ቡኻሪን ሙስሊምን ሰፊሩ ከምዝርከብ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ከምዝበሉ መምርሒ ይርከብ፡
"ሓዳሽ ወርሒ ክይረኣኹም ጾምኩም ኣይትጀምሩ፣ ቅድሚ ነዚኣ ምርኣይኩም'ውን ንጾምኩም ኣይተቛርጹ። ኮይኑ ግን ደበና ምስ ዝኸውን ሰላሳ መዓልቲ ምልእዋ።"
እዚ ማለት ድማ ምጅማር ዒድ ኣል-ፊጥር ሓዳሽ ወርሒ ድሕሪ ምርኣይ ወይ ድማ 30 መዓልታት ድሕሪ ምምላእ ይኸውን ማለት እዩ።
ወርሓዊ ዓወደ ኣዋርሕ ንምቑጻር ግዜ ዘገልግል ምዃኑ ኣብ ሱረት ዩኑስ ኣያ 5 (10፡5) ብስዒቡ ኣገባብ ሰፊሩ ይርከብ።


هُوَ ٱلَّذِى جَعَلَ ٱلشَّمۡسَ ضِيَآءً وَٱلۡقَمَرَ نُورًا وَقَدَّرَهُۥ مَنَازِلَ لِتَعۡلَمُواْ عَدَدَ ٱلسِّنِينَ
وَٱلۡحِسَابَۚ مَا خَلَقَ ٱللَّهُ ذَٰلِكَ إِلَّا بِٱلۡحَقِّۚ يُفَصِّلُ ٱلۡأَيَٰتِ لِقَوۡمٍ يَعۡلَمُونَ

ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ሱረት ያሲን ኣያ 39 (36፡39) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

وَٱلۡقَمَرَ قَدَّرۡنَٰهُ مَنَازِلَ حَتَّىٰ عَادَ كَٱلۡعُرۡجُونِ ٱلۡقَدِيمِ

ኣብ'ዚአን ኣያታት مَنَازِلَ እትብል ቃል ንናይ ዑደት መድረኻት (phases) ዝገልጸ እየን።

ካብ'ዚ ሓሊፉ كَٱلۡعُرۡجُونِ ٱلۡقَدِيمِ እትብል ቃል ንቅርጺ ቅናት ዞረት (Orbit) እትገልጽ እያ።




*ስእሊ 3፡ መንገዲ ዑደት ወርሒ ኣብ ከሊ መሬት*


እዚ ፍሉጥን ውሱንን ዝኾነ ዑደት ወርሒ (ጸሓይ'ውን ናታ ዑደት ኣለዋ) ኣብ ሱረት ኣል-ራሕማን ኣያ 5 (55፡5) ብስዒቡ ኣገባብ እውን ሰፊሩ ይርከብ፡

ٱلشَّمۡسُ وَٱلۡقَمَرُ بِحُسۡبَانٍ

ኣብ'ዚኣ ኣያ حُسۡبَانٍ እትብል ቃል ንቅናት ዞረት (Orbit) ዑደት እትገልጽ እያ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ሱረት ያሲን ኣያ 40 (36፡40) ነዚ ኩለን ነናተን ንቅናት ዞረት (فَلَكٍ Orbit) ዑደት ከምዝገብራ (يَسۡبَحُونَ ) ረቢ ሱ.ወ. የረጋግጸልና፡

وَكُلٌّ فِى فَلَكٍ يَسۡبَحُونَ




ስእሊ 4፡ ኩለን ኣኣብ ናተን ቅናተ-ዙረት ዑደት የካይዳ


ወርሓዊ ዓወደ ኣዋርሕ ንምቍጻር ግዜ ዘገልግል ምዃኑ ኣብ ሱረት ዩኑስ ኣያ 5 (10፡5)

هُوَ ٱلَّذِى جَعَلَ ٱلشَّمۡسَ ضِيَآءً وَٱلۡقَمَرَ نُورًا وَقَدَّرَهُۥ مَنَازِلَ لِتَعۡلَمُواْ عَدَدَ ٱلسِّنِينَ
وَٱلۡحِسَابَۚ مَا خَلَقَ ٱللَّهُ ذَٰلِكَ إِلَّا بِٱلۡحَقِّۚ يُفَصِّلُ ٱلۡأَيَٰتِ لِقَوۡمٍ يَعۡلَمُونَ

እዚ ድማ ኩለን ኣኣብ ናተን ቅናተ-ዙረ ዑደት ብምክያድ ይኸውን፡

لَا ٱلشَّمۡسُ يَنۢبَغِى لَهَآ أَن تُدۡرِكَ
ٱلۡقَمَرَ وَلَا ٱلَّيۡلُ سَابِقُ
ٱلنَّهَارِۚ وَكُلٌّ فِى فَلَكٍ
يَسۡبَحُونَ

ያሲን ኣያ 40 (36፡40)




*ስእሊ 5፡ ዑደት ጸሓይ ምስ ፕላኔታታ ኣብ ዙርያ ጸባዊ መንገዲ*




*ስእሊ 6፡ ኣዋርሕ ህጅርያ*

ብፍላይ ኣርባዕተ ካብ'ዘን ዓሰርተክልተ ኣዋርሕ ቅዱሳት ተባሂለን ይጽወዓ። ንሰን ድማ ተኸታቲለን ዝመጻ 3 ኣዋርሕ ዙል ቓዒዳ፣ ዙል ሒጃ፣ ሙሓረም (ወርሒ 11 ወርሒ 12 ወርሒ 1) ከምኡ'ውን በይና ዘላ

ረጀብ (ወርሒ 7) እየን። እዚአን ኣዋርሕ "الشّهر الحرام " (ክልኩላት ኣዋርሕ) ተባሂለን ዝጽውዓ ኮይነን ኣብአን ዝኾነ ዓይነት ውግእ ምክያድ ክልኩል እዩ።

እዚአን 4 ኣዋርሕ ኣብ ሱረት ኣል-ተውባ ኣያ 36-37 (9፡36-37) ተጠቒሰን ኣለዋ። እዚኣ ኣያ ቁጽሪ ኣዋርሕ ኣብ ረቢ ሱ.ወ. ዓሰርተክልተ ምዃነን ከምኡ'ውን ኣርባዕተ ካብ'ዚኣተን ድማ ቅዱሳት ምዃነን ብስዒቡ ኣገባብ ሰፊሩ ይርከብ፡

[ إِنَّ عِدَّةَ ٱلشُّهُورِ عِندَ ٱللَّهِ ٱثۡنَا عَشَرَ شَهۡرٗا فِى كِتَـٰبِ ٱللَّهِ يَوۡمَ خَلَقَ ٱلسَّمَـٰوَٲتِ وَٱلۡأَرۡضَ مِنۡہَآ أَرۡبَعَةٌ حُرُمٌۚ]

**ቀንዲ ዒዳት ኣብ ኢስላም፡ ትሕዝቶን ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታን**

ዒድ እትብል ቃል ዓረብኛ ቃል ኮይና ትርጉማ ድማ "ደጋጊሙ ዝመጽእ መዓልቲ" ማልት እዩ (عيَّدَ يعيِّد تعييدًا ، فهو مُعيِّد)

ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ትርጉም "ዒድ" ከም "በዓል" ወይ "ፌስታ" ዝኾነ ትርጉም ይወሃባ። ኮይኑ ግን ዒዳት ኣብ ዲነል-ኢስላም ናይ ሓጎስን ናይ ደስታን ግዜ ጥራሕ ዘይኮኑስ ናይ ረቢ ሱ.ወ. ምዝካራት ዝተሓወሶ ዒባዳ እውን ስለ ዝኾነ፡ ን"ዒድ" ብትግርኛ "በዓል" ወይ "ፌስታ" ማለት እዩ ኢልካ ትርጉም ምሃብ ንትሕዝቶ "ዒድ" ከንጸባርቕ ዝኽእል እኹል መግለጺ ኣይኮነን።

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ናብ መዲና ምስ መጹ፡ ኣብኣ ዝቕመጡ ዝነበሩ ህዝቢ፡ ብጻውትን ሰሓቕን ዘሕልፍወን ዝነበሩ 2 መዓልታት ነይረነኦም። እዘን ክልተ መዓልታት እንታይ ምዃነን ድማ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ሓተቱ።

"ቅድሚ ኢስላም ንጻውቲ ንጥቀመለን ዝነበራ መዓልታት እየን" ዝብል መልሲ ድማ ረኸቡ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ኣስዕብ ኣቢሎም "ረቢ ካብአን ብዝሓሸ ተኪእወን ኣሎ፡ ናይ ሕርዶት መዓልትን ናይ ጾም ሮሞዳን ልጓም ምኽፋትን" ከምዝበሉ ኣብ ሓዲስ ሰሒሕ ኣልባኒ ከምኡ'ውን ሓዲስ ኣቡ ዳዉድ ብስዒቡ ኣገባብ ይርከብ፡

[إِنَّ اللَّهَ قَدْ أَبْدَلَكُمْ بِهِمَا خَيْرًا مِنْهُمَا يَوْمَ الأَضْحَى وَيَوْمَ الْفِطْرِ]

በዚ መሰረት ምኽባር ዒዳት ኣብ ኢስላም፡ ካብ ካልኦት ሃይማኖታትን ባህላትን ፍልይ ዝበለ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብ ሱረት ኣል ሓጅ ኣያ 67 (22፡67) ኩሉ ሕብረተሰብ ነናቱ ኣገባብ ዒባዳን ዒዳት ናይ ምክያድ ስርዓትን ከምዝተገበረሎም ተጠቒሱ ይርከብ፡

[لِّكُلِّ أُمَّةٍ جَعَلۡنَا مَنسَكًا هُمۡ نَاسِكُوهُۖ]

ኢስላም ናቱ ዝኾነ ኣከባብራ ዒዳት ኣለዎ። እዚ ድማ ምስ ካልኦት ኲይንካን ሓጎስን ደስታን ዝተሓወሶ ዒባዳ ረቢ ሱ.ወ. እዩ። ካብ መንገዲ ረቢ ሱ.ወ. ከውጽኡ ካብ ዝኽእሉ ጠባያትን ናይ ምኽባር ስነ-ስርዓታትን ኣዝዩ ብዝረሓቐ ኣገባብ ድማ ዒዳት ይኽበሩ።
ወላ'ኳ ኣብ ዒድ መዓልቲ ምጿም ክልኩል እንተኾነ፡ እቲ ቀንዲ ምኽባር ዒድ ብምብላዕን ብምስታይን ጥራሕ ክሓልፍ የብሉን። በንጻሩ ንረቢ ሱ.ወ. ብምዝካርን ንኻልኦት ሰባት ሓገዛት ብምሃብን ተገዳስነት ብምርኣይን ከምዝሕጎሱ ብምግባርን ከምኡ'ውን ጽቡቕ ተግባራት ብምብዛሕን ክሓልፍ ይግባእ። እዚኦም ባዕሎም ሓጎስ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ኩነታት እዮም። በዚ መሰረት፡ ምኽባር ዒድ ኣብ ኢስላም፡ ካብ ኣብ ካልኦት ሃይማኖታትን ባህልታትን ዝካየዱ ምብዓል በዓላት ፍልይ ዝበለ እዩ።

ኣብ ዲነል-ኢስላም ክልተ ጥራሕ ዕላውያንን ኣገደስትን ዝኾና ዒዳት ኣለዋ። ንሰን ድማ ዒድ ኣል-ፍጥር ከምኡ'ውን ዳርጋ 2 ወርሕን ፈረቓን ጸኒሑ ድማ ዒድ ኣል-ኣድሓ እየን።

## 1. ዒድ ኣል-ፊጥር ( عيد الفطر)

ንጾም ሮሞዳን ምውዳእ ተመልክት ኮይና "ንእሽተ ዒድ" ተባሂላ'ውን ትጽዋዕ (ዒድ ኣል-ኣድሓ "ዓባይ ዒድ" ተባሂላ ትጽዋዕ) ኣብ መበል ዓሰርተ ወርሒ ኣብ ዝኾነት ቀዳማይ መዓልቲ ሸዋል ድማ ትውዕል። ዒባዳ ረቢ ሱ.ወ. ብሰላተል-ዒድ ኣብ መስጊድ ኬድካ ምስ ካልኦት ብሓባር ኲንካ ብምስጋድ ይጅምር። ቅድሚ ናብ መስጊድ ምኻድካ ድማ ኣቐዲምካ ካብ ገዛ ገለ በሊዕካ ምውጻእ ግቡእ ይኸውን። እቲ ዝበለጸ ክዳን (ምስ ዝከኣል ሓድሽ ክዳን) ተኸዲንካ ምኻድ ዝምረጽ እዩ።

ናይ ዒድ ኹጥባ ምስማዕን ኣብ ናይ ሓባር ዱዓ ምስታፍ ግቡእ እዩ። ልሙድ ዝኾነ ናይ ዒድ ሰላምታ "ዒድ ሙባረክ"፡ "ዒድ ሰዒድ" (ናይ ሓጎስ ዒድ)፡ "ኩሉ ዓም ወኣንቱም ብኼር" (ዓመት ንዓመት የጽንሓና) ዝኣመሰሉ ኮይኖም፡ መልሱ ድማ ወይ ነቲ ዝተበሃለካ ምምላስ፡ "ዓለይና ወዓልይኩም" (ንዓናን ንዓኹምን) ወይ ድማ "ተቐበለላህ ሚና ወሚንኩም" (ረቢ ካባናን ካባኹምን ይቀበሎ)ዝኣመሰሉ ኢልካ ምምላስ እዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ንቀረባ ኣዝማድ ምብጻሕን ንሽጉራት ምሕጋዝን ሰደቓ ምሃብን ክፍሊ ናይ ዒድ እዩ። እዚ ንጽጉማትን ድኻታትን ዝወሃብ ሰደቓ "ሰደቐተል-ፊጥር" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ እንተደንጎየ ቅድሚ ሰላተል-ዒድ ክወሃብ ኣለዎ።

## ስነ-ስርዓትን ደምብታትን ዒድ ኣል-ፊጥር

ቅድሚ ሰላተል-ዒድ ስዒበን ዘለዋ ምፍጻም ግቡእ እዩ፡

- ✓ ብዝተኸኣለ መጠን ሕጉስ ምኳንን ሓጎስካ ምግላጽን
- ✓ ብዝከኣለካ መጠን ሰደቓ ምሃብን ንኻልኦት ሓገዛትካ ምብርካትን
- ✓ ናብ ሰላተል-ዒድ ዝስገደሉ ቦታ ኣቐዲምካ ምኻድ
- ✓ ተክቢር ምብዛሕን ብጀካ ዝክርያት ረቢ ሱ.ወ. እንተዘይኮነ ቅድሚ ሰላተል-ዒድ ዕላልን ዘረባን ዘይምብዛሕ

  ናብ ሰላተል-ዒድ ክትከይድ እንከለኻ “ኣላሁ ኣክበር፡ ኣላሁ ኣክበር፡ ኣላሁ ኣክበር፡ ላኢላሀ ኣኢለላሀ ወላሁ ኣክበር ኣላሁ ኣክበር፡ ወሊላሂል ሓምድ” ክሳብ ናብ’ቲ ቦታ ትበጽሕ ብትሑት ድምጺ እንዳበልካ ምኻድ
- ✓ ዝከኣል ምስ ዝኸውን ናብ ቦታ ሰላተል-ዒድ ብእግርኻ ምኻድ
- ✓ ንኻልኦት ሙስሊሚን “ዒድ ሙባረክ” ምባል
- ✓ ካብ ሰላተል-ዒድ ክትምለስ እንከለኻ እሞ ዝከኣል ምስዝኸውን ካልእ መንገዲ ጌርካ ምምላስ ዝምረጽ እዩ
- ✓ ደቀንስትዮ ናብ ሰላተል-ዒድ ንኽኸዳ ይተባባዓ
- ✓ ኣብ ዒደል-ፊጥር መዓልቲ ምጺም ክልኩል ኮይኑ ካብ ገዛ ክትወጽእ እንከለኻ ገለ በሊዕካ ወይ ሰቲኻ ምውጻእ
- ✓ ሰላተል-ዒድ ኣዛን ይኹን ኢቃማ ኣይግበረሉን እዩ

**ዘካተል-ፊጥር**

ዘካተል-ፊጥር ናይ ሮሞዳን መዛዘሚ መጽረዪ ማለት ኮይኑ ክወጽእ ዘለዎ ውሱን ዓቕን መግቢ እዩ። ዘካተል-ፊጥር ዓቕሚ ንዘለዎም ኩሎም ኣመንቲ ኢስላም ግዴታ ዝኾነ ፈርዲ ኮይኑ ምውጽኡ ድማ ኣብ ስድራ ወይ ቤተሰብ ሓላፍነት ዘለዎ ወይ ዘለዋ ሰብ ይኸውን። ብሽሙን ወይ ብሽማ ኣብ ትሕቲኡ ወይ ኣብ ትሕቲኣ ንዘለዉ ሰባት፡ ማለት ቆልዑትን መንእሰያትን፡ ዓበይትን ናእሽቱን፡ ሰብኡትን ኣንስትን ክወጽእ ኣለዎ። ዓቕሙ ዘይብሉ ሰብ ድማ ካብ’ዚ ግዴታ ነጻ ይኸውን።

ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 286 (2፡286) ረቢ ሱ.ወ. ንዝኾነ ሰብ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ሰኸም ከምዘይህቦ ብስዒቡ ኣገባብ ሰፊሩ ይርከብ።

[لَا يُكَلِّفُ ٱللَّهُ نَفۡسًا إِلَّا وُسۡعَهَاۚ]

**ፍልልይ ኣብ መንጎ ሰደቓን ዘካትን እንታይ እዩ?**

ሰደቓ ብወለንታዊ ድሌት ክወሃብ ዝኽእል ጭቡጥ ነገር ምጽዋት ወይ ረድኤት (ከም ገንዘብ ዝኣመሰለ) ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጽቡቕ ተግባርን ርክባትን ዝሓዘ ክኸውን ይኽእል (ንኣብነት ጽቡቕ ዘረባ)። በዚ መሰረት ሰደቓ ነገራውን ተግባራውን ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ። ሰደቓ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ክፍጸም ዝኽእል ጽቡቕ ተግባር እዩ።

ሰደቓ (صدقة)፡ እዚ ጽቡቕ ንምግባር ኢልካ ብድሌትካ ዝወሃብ ሓገዝ ኮይኑ ብርህራሄ፡ ዕርክነት ወይ ብኻልኦት ምኽንያታት ንረቢ ኢልካ ዝወጽእ እዩ። ረቢ ንሽግራትካ ንኽቓልሎ ወይ ድማ ንዘንቢ መቐፈሪ ኢልካ እውን ሰደቓ ክወጽእ ዝኽእል እዩ። ሰደቐተ-ጃሪያ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቀጻሊ ዝኾነ ጥቕሚ ዝህብ ሓገዝ ከም ንኣብነት ዒላ ምኹዓት፣ መስጊድ ምስራሕ፣ ክሊኒካት ምስራሕ፣ ቤት ትምህርቲ ምስራሕ ዝኣመሰሉ ነቲ ሕብረተሰብ ቀጻሊ ዝኾነ ሓገዝን ጥቕምን ዘወፊ እዩ። ዘካት ንኣመንቲ እስልምና ጥራሕ ዝምልከት ኮይኑ ሰደቓ ግን ሽጉራት ንዝኾኑ ኣመንቲ እስልምና ንዘይኮኑ ካልኦት ክወሃብ ዝኽእል እዩ። ቅድመ-ኩነት ናይ'ዚ ሓገዝ ድማ ውግእ ንዘይከፈቱን ኣብ ወጽዓን ምጭኳንን ዘይተኻፈሉን ዘይካፈሉን እዩ።

በንጻሩ ድማ ዘካት ሓንቲ ካብ ናይ ኢስላም 5 መሰረታት ስለዝኾነ ግዴታ እያ።

ዘካት (زكاة)፡ ዘካት እትብል ቃል ባዕላ መጽረዪ ማለት ኮይና እዚ ምጽራይ ድማ ናይ ሕልናን ናይ ሃብትን ክኸውን ይኽእል። ኩሉ ዓቕሚ ዘለዎ እስላማይ ነዚ ንኽማልእ ግዴታ እዩ። ዘካት ሓንቲ ካብ እተን ሓሙሽተ ዓንዲ ናይ እስልምና ኩሉ ናይ ኤኮኖሚ ዓቕሚ ዘለዎ እስላማይ ክህቦ ዝግባእ ግዴታ ኮይኑ ክልተ ዓይነት ዘካት ኣሎ፤

1. ዘካተል-ማል፡ እዚ ክፍሊት 2.5% ካብ ዘለካ ጠቕላላ ሃብቲ ዝኽፈል እዩ። እዚ ክፍሊት ዓመት ዓመት ዝኽፈል ኮይኑ ካብ እተወሰነ ዓቐን ንላዕሊ ምስዝኸውንን ንምሉእ ዓመት ዝተቐመጠ ምስዝኸውን ይኽፈል።
2. ፊጥራ (ዘካተል-ፊጥር)፡ ንሽጉራትን ድኻታትን ቅድሚ ሰላተል-ዒድ ዝወሃብ ግዴታዊ ሓገዝ እዩ።

**ንመንከ ክወሃብ ኣለዎ?**

ዘካት ንመን ክወሃብ ከምዘለዎ ኣብ ሱረት ኣል ተውባ ኣያ 60 (9፡60) ሸሞንተ ዓይነት ሰባት ምዃኖም መምርሒ ይርከብ።

**ዝወሃብ ዘካተል ፊጥር እንታይ ክኸውን ኣለዎ?**

ባዕሉ ዘካተል-ፊጥር ምውጻእ ዒባዳ ስለዝኾነ ረቢ ሱ.ወ. ከምኡ'ውን ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ብዝኣዘዝዎ መሰረት ክወጽእ ኣለዎ።

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምኡ'ውን ሱሓባእ ይገብርዎ ብዝነበሩ መሰረት፡ ዘካተል-ፊጥር ብመግቢ መልክዕ ክወሃብ ኣለዎ። መግቢ ክበሃል እንከሎ እንታይ ማለት ምዃኑ ኣብ መንጎ ዑለማእ ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ኣለዉ። መብዛሕትኦም ከምዝብልዎ ግን ክዕቀን ዝኽእል ዓይነት እኽሊ ክኸውን ኣለዎ ብምባል ጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ስጋን ጠስምን ክኸውን የብሉን ይብሉ። ጥረ ገንዘብ ክኸውን የብሉን መበሊ ዋና ምኽንያት፡ ዋጋ ጥረ-ገንዘብ ዝወርድን ዝድይብን ስለዝኾነ ዝግዛእ ዓቕን'ውን ክውሕድን ክበዝሕን ስለዝኽእል እዩ። ኮይኑ

ግን ነዚ ተወሲኑ ዘሎ እኽሊ መግዝኢ ዝኸውን ገንዘብ ብእምነትን ብሓላፍነትን ገዚኦም ክህቡ ንዝኽእሉ ውልቀሰባት ወይ ንማሕበራት ብጥሬ ገንዘብ መልክዕ ምሃብ ዝከኣል እዩ። እቶም ኣብ መጨረስታ ዝወሃቦም ሰባት ግን ዲነል-ኢስልማ ብዘፍቅዶ ኣገባብ ክኸውን ኣለዎ።

### ክንዲ ምንታይ ክወጽእ ኣለዎ?

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ሓይሊ ገንዘብ ክድይብን ክወርድን ስለዝኽእል፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ክዕቀን ዝኽእል መግቢ ማለት እኽሊ ክወሃብ ኣለዎ ዝበሉ። እዚ ዓቐን ድማ ሳዓ (صاعاً) ተባሂሉ ይጽዋዕ ብዝነበረ መዐቀኒ ዝወሃብ ዝነበረ ኮይኑ ንሓደ ስድራ ንሓደ ምሉእ መዓልቲ ክምግቦም ዝኽእል ዓቐን እዩ።

### መዓስ ከ ክወጽእ ኣለዎ?

ዘካተል-ፊጥር ኣብ ዒድ መዓልቲ ክወሃብ ዘለዎ ኮይኑ እንተደንጎየ ድማ ንግሆ ቅድሚ ሰላተል-ዒድ ክወጽእ ኣለዎ። ገሊኦም ዑለማእ ቅድሚ ሮሞዳን ምውድኡ ቁሩብ መዓልታት ኣቐዲምካ ምውጻእ`ውን ዝከኣል እዩ ይብሉ። ኣዐሪኻ ኣቐዲምካ፡ ንኣብነት ኣብ መጀምርያ ወይ ፍርቂ ሮሞዳን ምሃብ ምስ'ቲ ሕልና ናይ ዘካተል-ፊጥር፡ ማለት ጽጉማትን ድኻታትን ኣብ ዒድ መዓልቲ ንኸረኽቡን ንኽጸግቡን ዝብል ዕላማ ስለዝገራጮ ጌጋ ኮይኑ ይርከብ። ኮይኑ ግን ኣኪቦም መግቢ ገዚኦም ንድኻታትን ጽጉማትን ንዝዕድሉ ሰብ ኽይራት ውልቀሰባትን ማሕበራትን ኣቐዲምካ ምሃብ ዝፍቀድ እዩ። ኣብ ግቡእ ግዜ ምሃብ ድማ ናይ'ዚኦም ገበርቲ ሰናይ ሓላፍነት ይኸውን።

## 2. ዒድ ኣል-ኣድሓ (عيد الأضحى)

ሓጅ ድሕሪ ምውዳእን ካብ ጎቦ ዓረፋት ድሕሪ ምውራደን ኣብ መበል 10ይ መዓልቲ ዙል-ሕጃ ትውዕል ኮይና ናይ ሕርዶት ዒድ ወይ “ዓባይ ዒድ” ተባሂላ ትጽዋዕ። ዳርጋ 70 መዓልታት ድሕሪ ዒድ ኣል-ፈጥር ኣቢላ ድማ ትውዕል።

ምኽንያት ናይ ዒድ ኣል-ኣድሓ፡ ሰይድና ኢብራሂም ረ.ዓ. ኣብ ልዕሊ ረቢ ሱ.ወ. ንዝነበሮም ምእዙዝነት ንምርኣይ፡ ንወዶም ሰይድና እስማዒል ረ.ዓ. ንኽብጀዉ ንዘርኣይዎ ድሌትን ቅሩብነትን ክብሪ ንምርኣይን ንምሃብን እዩ። ነዚ ብዝምልከት ኣብ ሱረት ኣል ናሕል ኣያ 120-123 (16፡120-123) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

إِنَّ إِبْرَٰهِيمَ كَانَ أُمَّةً قَانِتًا لِّلَّهِ حَنِيفًا وَلَمْ يَكُ مِنَ ٱلْمُشْرِكِينَ (١٢٠) شَاكِرًا لِّأَنْعُمِهِ ۚ [
ٱجْتَبَىٰهُ وَهَدَىٰهُ إِلَىٰ صِرَٰطٍ مُّسْتَقِيمٍ (١٢١) وَءَاتَيْنَـٰهُ فِى ٱلدُّنْيَا حَسَنَةً ۖ وَإِنَّهُۥ فِى ٱلْءَاخِرَةِ

لَمِنَ ٱلصَّـٰلِحِينَ (١٢٢) ثُمَّ أَوۡحَيۡنَآ إِلَيۡكَ أَنِ ٱتَّبِعۡ مِلَّةَ إِبۡرَٰهِيمَ حَنِيفٗاۖ وَمَا كَانَ مِنَ ٱلۡمُشۡرِكِينَ (١٢٣)]

ነዚ ኣብነት ብምርኣይ ዓቕሚ ዘለዎ ኩሉ ሙስሊም ኣብ ዒደ ኣል-ኣድሓ በጊዕ ይኹን ከብቲ ከከም ዓቕሙ ሕርዶት ይገብር። እዚ ሕርዶት ንረቢ ሱ.ወ. ምስጋና ንምቕራብ ስለዝኾነ ኣብ ቅድሚ ረቢ ሱ.ወ. ሚዛን ዝወሃቦ ደም ምፍሳስን እቲ ስጋን ዘይኮነስ፡ ንረቢ ሱ.ወ. ዝበጽሖ ተቕዋ (ፍርሕን ኣኽብሮትን) ጥራሕ ምዃኑ ኣብ ሱረት ኣል-ሓጅ ኣያ 37 (22፡37) ሰፊሩ ይርከብ፡

[لَن يَنَالَ ٱللَّهَ لُحُومُهَا وَلَا دِمَآؤُهَا وَلَـٰكِن يَنَالُهُ ٱلتَّقۡوَىٰ مِنكُمۡۚ]

እቲ ሕርዶት ኣብ ሰለስተ ክፋል ይምቀል። ቀዳማይ ሲሶ ንስድራቤት፣ ካልኣይ ሲሶ ንጎረባብቲ፡ ቤተሰብን ፈተውትን፣ ሳልሳይ ሲሶ ድማ ንድኻታትን ጽጉማትን ይወሃብ። እዚ ንኻልኦት ምዕዳል ከም ሰደቓ ይሕሰብ።

### ዒድ ኣል-ኣድሓ (عيد الأضحى)- ታሪኻዊ መበቆልን ዕላማን

ኣብ ኢስላም እተን ኣገደስቲ ዒዳት ክልተ እየን። ዒድ ኣል-ፊጥር ናይ ጾም ሮሞዳን ምውዳእ ከተመልክት እንከላ ዒድ ኣል- ኣድሓ ድማ ናይ ሓጅ ምውዳእ ተመልክት። ዒድ ኣል-ኣድሓ ምስ ንረቢ ሱ.ወ. ኢልካ ዝሕረድ ናይ እንስሳ ሕርዶት ዝተተሓሓዘት እያ። ኣብ'ዚ ምርዳእ ዘድልዮ እንስሳ ሓሪድካ ደም ስለዝፈሰሰ ዝገበርናዮም ሕማቕ ተግባራት መሕጸቢ ወይ ድማ ዘንብታትና ንኽሕጸብ ዘገልግል ጌርካ ኣተሓሒዝካ ምርኣይ ጌጋ እዩ። ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል-ሓጅ ኣያ 37 (22፡37) ንዕኡ ዝበጽሖ ዝተሓረደ ስጋ ኣይኮነን ወላ ዝፈሰሰ ደም'ውን ኣይኮነን - እንታይ ደኣ ረብን ንትእዛዛቱ ምኽባርን ምዃኑ ብስዒቡ መልክዕ ይገልጸልና፡

[لَن يَنَالَ ٱللَّهَ لُحُومُهَا وَلَا دِمَآؤُهَا وَلَـٰكِن يَنَالُهُ ٱلتَّقۡوَىٰ مِنكُمۡۚ]

እቲ ቀንዲ ዕላማ ድማ ኣብ ሂወትና ጽቡቕ ለውጥታት ጌርና ካብ እንገብሮም ጌጋታት ብምርሓቕ ጣዕሳን ተውባን ብምርኣይን ናብ ረቢ ሱ.ወ. ንኽንቀርብ እዩ። ረቢ ሱ.ወ. ካባና ዝደልዮ ጽኑዕ ልቢ፣ ቅኑዕ እምነት ከምኡ'ውን ትእዛዛቱ ንምኽባር ድሉውነትና ምርኣይ እዩ።

ንጽኑዕ ልቢ ብዝምልከት ኣብ ሱረት ኣልሓጅ ኣያ 32 (22፡32) ንምልክታት ረቢ ሱ.ወ. ዘዕዝዝ፡ ኣብ ልቢ ብዘሎ ኣፍልጦን ፍርሒ ረብን ምዃኑ ብስዒቡ ኣገባብ ተገሊጹ ይርከብ፡

ذَٰلِكَ وَمَن يُعَظِّمۡ شَعَٰٓئِرَ ٱللَّهِ فَإِنَّهَا مِن تَقۡوَى ٱلۡقُلُوبِ ٣٢

ታሪኽ ዒድ ኣል-ኣድሓ ናብ ናይ የሁድ፣ ክርስትናን ኢስላምን ቅቡል ዝኾኑ ግዜ ሰይድና ኢብራሂም (ዓ.ሰ.) ዝምለስ እዩ። ዒድ ኣል-ኣድሓ ረቢ ሱ.ወ. ንሰይድና ኢብራሂም ኣብ ሕልሞም ከም ምእዙዝነት መግለጺ ንወዶም እስማዒል (ዓ.ሰ.) ንኽሓርዱ ትእዛዝ ምስ ዝሃበሉ እዋን ዝተተሓሓዘ እዩ። እዚ ኩነታት ኣብ ሱረት ኣስ-ሳፋት ኣያ 102 (37:102) ብስዒቡ ኣገባብ ይርከብ።

فَلَمَّا بَلَغَ مَعَهُ ٱلسَّعۡيَ قَالَ يَٰبُنَيَّ إِنِّيٓ أَرَىٰ فِي ٱلۡمَنَامِ أَنِّيٓ أَذۡبَحُكَ فَٱنظُرۡ مَاذَا تَرَىٰۚ قَالَ يَٰٓأَبَتِ ٱفۡعَلۡ مَا تُؤۡمَرُۖ سَتَجِدُنِيٓ إِن شَآءَ ٱللَّهُ مِنَ ٱلصَّٰبِرِينَ ١٠٢

ኣብ'ዚኣ ኣያ'ዚኣ፡ ሰይድና ኢብራሂም ንወዶም እስማዒል ኣብ ሕልሞም ክሓርድዎ እንከለዉ ከምዝርአዩ ምስ ገለጹሉ ወዶም እስማዒል ድማ ዝተኣዘዝዎ ንኽገብሩ ድልዉነቱ ከምዝገለጸሎም ትሕብር። ሰይድና ኢብራሂም ንወዶም ከም ሕርዶት ክብጅውዎ ምስበሉ ረቢ ሱ.ወ. ሕርዶቶም ከምእተኸናወነ ገሊጹሎም። ሰይድና ኢብራሂም በዚ ኣገባብ ብኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ኣገባብ ንረቢ ሱ.ወ. ምእዝዙነቶም ኣርኢዮም።

ንገለ ገለ ሰባት፡ ንምንታይ ደኣ ረቢ ሱ.ወ. ንሰይድና ኢብራሂም ንወዶም ንኽሓርዱ ኣዚዝዎም ዝብል ሕቶ ምድንጋር ይፈጥረሎም። ኢብን ኣል-ቀዪም ዝተበሃለ ፍሉጥ ዝኾነ ምሁር ኢስላም መግለጺ ዝሃቦ፡ "እቲ ዕላማ ዝነበረ ሰይድና ኢብራሂም ንወዶም ንኽሓርድዎ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ንወዶም ኣብ ልቦም ንኽብጅውዎ'ሞ ኩሉ ፍቕሪ ናብ ረቢ ሱ.ወ. ንኽውጿህ እዩ።

በዚ መሰረት'ዚ ኣብ'ዘን ዓሰርተ መዓልታት (العشر الأيام) ሰይድና ኢብራሂም ንዘርኣይዎ ምብጃው ምዝካር ይግባእ። ክሳብ ክንደይ ንረቢ ሱ.ወ. ይፈትውዎ ከምዝነበሩን፡ ባዕሉ ረቢ ሱ.ወ. እውን ብዙሕ ይፈትዎም ከምዝነበረን መራሒ ብዙሓት ሕብረተሰባትን ከም ዝገበሮም ምዝካር የድሊ። ካብ'ዚ ዝተበገሰ ኣብ ወርሒ ዙልሕጃ ሕርዶት ብምሕራድ ሰይድና ኢብራሂም ዝገበርዎ ምብጃው ብምዝካር ንረቢ ሱ.ወ. ዘለና ምእዙዝነት ንገልጽ።

ዒድ ኣል-ኣድሓ ብቐጥትታ ምስ ሓጅ ዝተተሓሓዘት ኮይና፡ ሓጅ ድሕሪ ምውዳእን ካብ ጎቦ ዓረፋት ድሕሪ ምውራድን ኣብ መበል 10ይቲ መዓልቲ ዙል-ሕጃ ትውዕል ኮይና ናይ ሕርዶት ዒድ ወይ "ዓባይ ዒድ"

ተባሂላ ትጽዋዕ። ዳርጋ 70 መዓልታት ድሕሪ ዒድ ኣል-ፊጥር ኣቢላ ድማ ትውዕል።

ምኽንያት ናይ ዒድ ኣል-ኣድሓ፡ ሰይድና ኢብራሂም ዓ.ሰ. ኣብ ልዕሊ ረቢ ሱ.ወ. ንዝነበሮም ምእዙዝነት ንምርኣይ፡ ንቀዳማይ ውላዶም ንዝኾነ ወዶም ሰይድና እስማዒል ዓ.ሰ. ንኽብጅዉ ንዘርኣይዎ ድሌትን ቅሩብነትን ክብሪ ንምርኣይን ንምሃብን እዩ። ነዚ ብዝምልከት ኣብ ሱረት ኣል ናሕል ኣያ 120-123 (16፡ 120-123) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

[إِنَّ إِبۡرَٰهِيمَ كَانَ أُمَّةٗ قَانِتٗا لِّلَّهِ حَنِيفٗا وَلَمۡ يَكُ مِنَ ٱلۡمُشۡرِكِينَ (١٢٠) شَاكِرٗا لِّأَنۡعُمِهِۚ ٱجۡتَبَىٰهُ وَهَدَىٰهُ إِلَىٰ صِرَٰطٖ مُّسۡتَقِيمٖ (١٢١) وَءَاتَيۡنَٰهُ فِي ٱلدُّنۡيَا حَسَنَةٗۖ وَإِنَّهُۥ فِي ٱلۡأٓخِرَةِ لَمِنَ ٱلصَّٰلِحِينَ (١٢٢) ثُمَّ أَوۡحَيۡنَآ إِلَيۡكَ أَنِ ٱتَّبِعۡ مِلَّةَ إِبۡرَٰهِيمَ حَنِيفٗاۖ وَمَا كَانَ مِنَ ٱلۡمُشۡرِكِينَ (١٢٣)]

ነዚ ኣብነት ብምርኣይ ዓቕሚ ዘለዎ ኩሉ ሙስሊም ኣብ ዒደ ኣል-ኣድሓ በጊዕ ይኹን ከብቲ ከከም ዓቕሙ ሕርዶት ይገብር። እዚ ሕርዶት ንረቢ ሱ.ወ. ምስጋና ንምቕራብ ስለዝኾነ ኣብ ቅድሚ ረቢ ሱ.ወ. ሚዛን ዝወሃቦ ደም ምፍሳስን እቲ ስጋን ዘይኮነስ፡ ንረቢ ሱ.ወ. ዝበጽሖ ተቕዋ (ፍርሕን ኣኽብሮትን) ጥራሕ ምዃኑ ኣብ ሱረት ኣል-ሓጅ ኣያ 37 (22፡37) ሰፊሩ ይርከብ፡

[لَن يَنَالَ ٱللَّهَ لُحُومُهَا وَلَا دِمَآؤُهَا وَلَٰكِن يَنَالُهُ ٱلتَّقۡوَىٰ مِنكُمۡۚ]

እቲ ሕርዶት ኣብ ሰለስተ ክፋል ይምቀል። ቀዳማይ ሲሶ ንስድራቤት፣ ካልኣይ ሲሶ ንጎረባብቲ፡ ቤተሰብን ፈተውትን፣ ሳልሳይ ሲሶ ድማ ንድኻታትን ጽጉማትን ይወሃብ። እዚ ንኻልኦት ምዕዳል ከም ሰደቓ ይሕሰብ።

ነዚ ብዝምልከት ኣብ ሱረት ኣል-ሓጅ ኣያ 28 (22፡28) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

لِّيَشۡهَدُواْ مَنَٰفِعَ لَهُمۡ وَيَذۡكُرُواْ ٱسۡمَ ٱللَّهِ فِيٓ أَيَّامٖ مَّعۡلُومَٰتٍ عَلَىٰ مَا رَزَقَهُم مِّنۢ بَهِيمَةِ ٱلۡأَنۡعَٰمِۖ فَكُلُواْ مِنۡهَا وَأَطۡعِمُواْ ٱلۡبَآئِسَ ٱلۡفَقِيرَ ٢٨

**ንውሒ መዓልታት ዒድ**

ንውሒ ዒደል ኣድሓ ኣርባዕተ መዓልታት (10 ዙልሕጃ (ባዕላ ዒድ መዓልቲ)፣ 11 ዙልሕጃ (ካልኣይቲ ዒድ መዓልቲ)፣ 12 ዙልሕጃ (ሳልሰይቲ ዒድ መዓልቲ) ከምኡ'ውን 13 ዙልሕጃ (ራብዐይቲ ዒድ መዓልቲ) ኮይኑ ዒደ ኣል-ፊጥር ግን ሓንቲ መዓልቲ ጥራሕ እያ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝሓበርዎ ክልቲኣን ዒዳት ናይ ምብላዕ፣ ምስታይ ከምኡ'ውን ንረቢ ሱ.ወ. ናይ ምዝካር መዓልታት እየን። በዚ መሰረት ንረቢ ሱ.ወ. ከይረሳዕካ ሓላል ብዝኾነ ኣገባብ ተሓጕስካ ኣትውዕለለን መዓልታት እየን።

**ኣልኣያም ኣልዓሽር (العشر الأيام) ዓሰርተ መዓልታት**

ኣብ ላዕሊ ከምእተሓበረ ዒደል-ኣድሓ ብቐጥታ ምስ ሓጅ ዝተተሓሓዘት እያ። ሓጅ ድማ ኣብ ናይ ኢስላም መጨረሻ ዓውደ-ኣዋርሕ መበል 12 ወርሒ ኣብ ዝኾነት ዙልሕጃ ተባሂላ እትጽዋዕ ወርሒ ዝካየድ ኮይኑ ሓንቲ ካብ'ተን ሓሙሽተ ዓንድታት ዲነል-ኢስላም እያ። ዒደል-ኣድሓ ኣብ መበል ዓሽረይቲ መዓልቲ ዙልሕጃ ትውዕል። እዘን ቀዳሞት ዓሰርተ መዓልታት ዙልሕጃ ፍሉይ ዝኾነ ጥቕምን ቁምነገርን ዝሓዛ እየን። መጸውዒ ሽመን ድማ "ኣል ኣያም ኣል ዓሽር" (الأيام العشر) ተባሂ ን ይጽውዓ።

وَيَذۡكُرُواْ ٱسۡمَ ٱللَّهِ فِيٓ أَيَّامٖ مَّعۡلُومَٰتٍ ሱረት ኣል-ሓጅ ኣያ 28 (22፡28)

ብዙሓት ዑለማእ ከምዝሰማምዕሉ እዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ቀዳሞት ዓሰርተ መዓልታት ዙልሕጃ "ኣል ኣያም ኣል ዓሽር" (العشر الأيام) ምዃነን እዩ።

**ረብሓ ናይ'ዘን ዓሰርተ መዓልታት (العشر الأيام)**

ስዒበን ዘለዋ 5 ብልጫታት ናይ'ዘን ዓሰርተ መዓልታት "ኣል ኣያም ኣል ዓሽር" እየን፡

1. ረቢ ሱ.ወ. በዘን ዓሰርተ መዓልታት ኣብ ቁርኣን ይምሕል። ረቢ ዝምሕለሉ ድማ ፍሉይን ዕዙዝን ኣድላይነት ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። እዛ ኣያ ድማ ሱረት ኣል-ፈጅር ኣያ 1-2 (89:1-2) ኮይና ብስዒቡ ኣገባብ ትርከብ፡

   [عَشْرٍ وَلَيَالٍ وَالْفَجْرِ]

   ትሕዝቶኣ ድማ ረቢ ሱ.ወ. ብወጋሕታን በዘን ዓሰርተ መዓልታት ይምሕል ከምዘሎ እያ መረዳእታ ትህበና።

ብዙሓት ዑለማእ ድማ እዘን ዓሰርተ መዓልታት ንቀዳሞት ዓሰርተ መዓልታት ዙልሕጃ ምዃነን ይሰማምዕሉ።

2. ብሉጻት ምዃነን ንምርግጋጽን ንምንጋርናን ኢሎም ረሱል ሰ.ዓ.ወ. እዘን ዓሰርት መዓልታት ኣብ ዓለም እተን ዝበለጻ መዓልታት ምዃነን ገሊጾም። በዚ መሰረት እዘን ቀዳሞት ዓሰርተ መዓልታት ካብ ኩለን መዓልታት እንኮላይ ናይ መጨረሽታ ዓሰርተ ቀትሪ መዓልታት ሮሞዳን ኣዝየን ዝበለጻ እየን። ኮይኑ ግን ናይ መጨረሽታ ዓሰርተ ለይትታት ሮሞዳን ለይለቱል ቀድር ስለዝሕዛ ዝበለጻ እየን።
3. ኣብ ቅድሚ ረቢ ሱ.ወ. ጽቡቕ ተግባራት ብዝያዳ ዝፍተወሉ ካብ'ዘን ዓሰርተ መዓልታት ዝበልጻ ካልኦት መዓልታት የለዋን። በዚ መሰረት ኣብ'ዘን መዓልታት "ሱብሓነላህ"፣ "ኣልሓምዱሊላህ"፣ ከምኡ'ውን "ኣላሁ-ኣክበር" ምዝውታር ኣዝዩ ዕዙዝ ዝኾነ መኽሰባት ኣለወን።
4. እዘን መዓልታት ንሓጅ ከምኡ'ውን ሕርዶት ዝሓዛ እየን።
5. መበል ታሽዐይቲ መዓልቲ ዙልሕጃ፡ "የውመል-ዓረፋ" ማለት መዓልቲ ዓረፋ ተባሂላ ትጽዋዕ። እዛ መዓልቲ ባዕላ ብዙሕ ረብሓታት ዝሓዘት እያ።
6. ካብ'ዘን ቀዳሞት ዓሰርተ ዙልሕጃ ነተን ትሽዓተ መዓልታት ምጺም ፍቱው እዩ። ዝኸኣለ ኩለን ትሽዓተ መዓልታት፣ ዘይከኣለ ድማ እተን ዝኽእለን መዓልታት ምጺም ብዙሕ ረብሓታት ኣለወን።

ኣብ ቀዳሞት 10 መዓልታት ዙልሕጃ ክካየዳ ዝኽእላ 9 ኣገደስቲ ነገራት

ረቢ ሱ.ወ. ንኹለን ናይ ግዜ ኣዋናት ማዕረ ኣይገበረንን። ካብ ኩለን መዓልታት ምርጽቲ ዝኾነት ጅምዓት መዓልቲ እያ። ካብ ኩለን ኣዋርሕ ድማ ሮሞዳን እታ ዝበለጸት እያ። እዘን ቀዳሞት 10 መዓልታት ዙልሕጃ ግን ካብ ኩለን ምሩጻት መዓልታት ከም ጅምዓት መዓልታትን ናይ ሮሞዳን መዓልታት (በጀካ ለይለቱል ቀድር ሒዘን ዘለዋ ለይትታት ናይ መጨረሻ 10 ሮሞዳን) ኣዝየን ዝበለጻ እየን።

ቀዳሞት 10 መዓልታት ዙልሕጃ ኣዝየን ዝተባረኻ እየን። ረሱል ከምዝበልዎ፡ "ኣብ'ዘን ዓሰርተ መዓልታት ዝካየዳን ዝግበራን ጽቡቓት ነገራት ንረቢ ሱ.ወ. ካብ ዝኾነ ኣብ ካልኦት መዓልታት ዝግበራ ጽቡቕ ተግባራት ብዝያዳ ዘሐጉሶ የለን።" በዚ መሰረት ዝኸኣለ ንቀዳሞት ትሽዓተ መዓልታት ዙልሕጃ ምጺም፣ ተውባ ምባል፣ ምስምማሕ፣ ንጽጉማት ምሕጋዝ፣ ኣብዚሕካ ቁርኣን ምቕራእ፣ ጽቡቕ ኣብነታዊ ጠባያት ምርኣያ ዝኣመሰሉ ጽቡቕ ተግባራት ምብዛሕ ረብሓታቱ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።

ካብ'ዚ ሓሊፉ ታህሊል (ላኢላህ ኣኢለላህ) ምብዛሕ፣ ተክቢር (ኣላሁ ኣክበር) ምብዛሕ፣ ተስቢሕ (ሱብሓነላህ) ምብዛሕ ከምኡ'ውን ታሕሚድ (ኣልሓምዱሊላህ) ኣብዚሕካ ምባል ጺጋታቱ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።

ስዒበን ዘለዋ ኣብ'ዘን ቀዳሞት 10 መዓልታት ዙልሕጃ ክግበራ ዝኽእላ ኣገደስቲ ተግባራት እየን።

**ዓቕሚ ዘለዎ ሓጅ ከምኡ'ውን ዑምራ ምኽያድ**

ብዝተኸኣለ መጠን ካብ ቀዳሞት 9 መዓልታት ዘለዋ ዓቕምታትካን ክእለታትካን ዘፍቅዶ ምጿም፣

ብውሕዱ ደማ 9ይቲ መዓልቲ ዙልሕጃ ኣብ መዓልቲ ዓረፋ ምጿም (ሓጅ ንዘይከዱ ጥራሕ-ዝሕጅጁ ዘለዉ ክጾሙ የብሎምን)

ዝክርያት ረቢ ሱ.ወ. ምብዛሕ (ታህሊል፣ ተክቢር፣ ታሕሚድ)

እስቲቕፋር ምብዛሕን ካብ ጌጋታት ተውባ ምባልን

ጽቡቕ ተግባራት ምብዛሕ፣ ሰደቓ ምብዛሕ፣ ሰላትን ዱዓን ምብዛሕ፣ ቁርኣን ኣዘውቲርካ ምቕራእ

ዓቕሚ ዘለዎ ሕርዶት ምሕራድ (ኡድሕያ)። ሓንቲ እንስሳ ንሓደ ስድራ እኽልቲ ኮይና ኣድላይ ምስ ዝኸውን ሸውዓተ ስድራ ብሓባር ኮይኖም ሓንቲ ከብቲ ክሓርዱ ይኽእሉ እዮም።

ሰላተል ዒድ ምስጋድ (ንኹሉ ሙስሊም ሰብኣይን ሰበይትን ግዴታ እዩ)

ንናይ ረቢ ሱ.ወ. ጸጋታት ክብሪ ሂብካ ምምስጋንን ናብ ረቢ ሱ.ወ. ምቕራብ

**ረብሓታትን ተግባራትን መዓልቲ ዓረፋ**

መዓልቲ ዓረፋ ልክዕ ቅድሚ ዒድ ኣል-ኣድሓ ዘላ 9ይቲ መዓልቲ ዙልሕጃ እያ።

መዓልቲ ዓረፋ፡ ረቢ ሱ.ወ. ንዲነል ኢስላም ምሉእ ዘይጉዱል ገይሩ ዝዛዘመላ መዓልቲ ኣያ

መዓልቲ ዓረፋ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ሓንቲ ካብ እተን ዝበዘሐ ኣህዛብ ዝእከቡላ መዓልቲ እያ

መዓልቲ ዓረፋ፡ ሰላትን ዱዓን ብፍላይ መልሲ ዝወሃበላ መዓልቲ እያ።

ሓጅ የካይዱ ንዘየለዉ (ይሕጅጁ ንዘየለዉ) ኣብ'ዚኣ መዓልቲ ምጿም እቲ ዝበለጸን ብዙሕ ረብሓታት ዘለዎ እዩ። ኮይኑ ግን ይሕጅጁ ዘለዉ ኣብ'ዚኣ መዓልቲ ኣብ ዓረፋ ኮይኖም ምጿም ዝፍቶ ኣይኮነን።

እንድሕር ባዕልኻ ሕርዶት ክትገብር ኰይንካ ወይ ድማ ካልኦት ብሸምካ ሕርዶት ክገብሩልካ ኮይኖም፡ ካብ መጀመርታ ናይ'ዚኣን ዓሰርተ መዓልታት ክሳብ ሕርዶትካ ዝፍጸም ጨጉርኻ ይኹን ኣጻፍርካ ምቁራጽ ወይ ምሕጻር ጠጠው ክብል ኣለዎ።

**ሱና (ብሉጽ ተግባራት) ኣብ ዒድ ኣል-ኣድሓ**

ስዒበን ዘለዋ ተግባራት ኣብ ዒድ ኣል-ኣድሓ ዝያዳ ኣጅሪ ዝህባ እየን፡

1. ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ኣብ ዒድ ኣል-ኣድሓ መዓልቲ ምሉእ ሰውነቶም ይሕጸቡ ነይሮም
2. ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ናብ ሰላተል ዒድ ኣል-ኣድሓ ክኸዱ እንከለዉ እቲ ዝበለጸ ክዳኖም ገይሮም ይኸዱ ነይሮም።
3. ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ናብ ሰላተል ዒድ ክኸዱን ክምለሱን እንከለዉ ብዝተፈላለያ መንገድታት ይኸዱ ነይሮም

4. ካልእ ጽቡቕ ዝኾነ ሱና (ብሉጽ ተግባር) ዕብየት ረቢ ሱ.ወ. ብስዒቡ መልክዕ ደጋጊምካ ምባል እዩ፡ ***ኣላሁ ኣክበር፣ ኣላሁ ኣክበር፣ ላኢላህ ኢላላህ፣ ወላሁ ኣክበር፣ ኣላሁ ኣክበር፣ ወሊላሁል ሓምድ*** እዚኦን ድማ ካብ ገዛኻ ንሰላተል-ዒድ ኢልካ ካብ እትወጽእ ጀሚርካ ክሳብ ኢማም ከስግድ ኢሉ ዝመጽእ ዝደጋገም እዩ።

5. ኣብ ዒድ ኣል-ኣድሓ ናብ ሰላተል-ዒድ ክኸየድ እንከሎ ከይበላዕካ ጥራሕ ከብድካ ካብ ገዛኻ ምኻድ ግቡእ እዩ (በንጻሩ ኣብ እዋን ዒድ ኣል-ፈጥር በሊዕካ ክውጻእ ኣለዎ)። በዚ መሰረት ካብ ሰላተል-ዒድ ድሕሪ ምምላስ ካብ ዝሕረድ ሕርዶት ይብላዕ። ሕርዶት ከገብር ዓቕሚ ዘይብሉ ሰብ ካብ ገዝኡ በሊዑ ክወጽእ ቅቡል እዩ።

## 3. ሰላተል-ዒድ

ዕላማ ሰላተል-ዒድ ንናይ ረቢ ሱ.ወ. ዘይውዳእ ጸጋታት ንምምስጋን እዩ።

ኣብ ዒድ ኣል-ፊጥር ከምኡ'ውን ዒድ ኣል-ኣድሓ ዝካየዱ ሰላተል-ዒድ፡ ግዴታ ዝኾነ "ዋጅብ" ድዩ ወላ ብድሌትካ ዝካየድ "ሙስተሓብ" ዝብል ርይቶታት ኣብ መንጎ ዑለማእ ፍልልይ ኣሎ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከየቋረጹ ይገብርዎን ንኻልኦት'ውን ንኽወጹ ይእዝዙ ስለዝነበሩ፡ መብዛሕትኦም ዑለማእ ዋጅብ እዩ ኢሎም ይሰማምዑ።

ሰላተል-ዒድ ኣብ ክፉት ቦታ ኣብ ጎልጎል ዝስገድ ምስ ዝኸውን፡ ቅድሚ ሰላተል-ዒድ ይኹን ብድሕሪኡ ዝኾነ ዓይነት ሱና ክስገድ የብሉን። ዝኾነ ከም ሱና ዝኣመሰሉ ዝስገድ ገዛ ምስተመለስካ ክኸውን ከምዘለዎ ኣብ ገሊኡ ሓዲሳት ይርከብ። ሰላተል-ዒድ ኣብ መስጊድ ዝስገድ ምስ ዝኸውን ግና ክልተ ረከዓት ቅድሚ ኮፍ ምባልካ ምስጋድ ዝምረጽ እዩ።

ሰላተል-ዒድ ናይ ጸውዒት ኣዛን ከምኡ'ውን ኢቓማ ኣይግበሮን እዩ።

ንውሒ ሰላተል-ዒድ ድማ ዝያዳ ተክቢራት (ኣላሁ ኣክበር) ዘለወን ክልተ ረከዓት እየን። ሰላተል-ዒድ ብሓባር ምስጋድ ዘየርከበ ሰብ፡ ክልተ ረከዓት ክሰግድ ኣለዎ።

ሰላተል ዒድ ኣል-ኣድሓ፡ ኣብ መበል ዓሸራይ መዓልቲ ዞል-ሕጃ፡ ካብ ጸሓይ ምሉእ ብምሉእ ድሕሪ ምብራቓ ጀሚርካ ክሳብ ልክዕ ቅድሚ ሰላተል-ዙህሪ ኣብ ዘሎ እዋን ክካየድ ዝኽእል እዩ። ሰላተል-ዒድ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ዒድ ንምስጋድ ዘየፍቅድ ኩነታት ንኣብነት ናዕቢ ወይ ናይ ተፈጥሮ ሓደጋ ምስ ዝፍጠር ናብ ካልኣይቲ (መበል ዓሰርተሓደ ዞልሕጃ ወይ ድማ ናብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ዒድ (መበል ዓሰርተክልተ ዞልሕጃ) ክመሓላለፍ ዝከኣል እዩ።

ሰላተል-ዒድ ብሓባር (ጀማዓ) ኮይንካ ክስገድ ዘለዎ እዩ። ደቀንስትዮ ሰላተል-ዒድ ንኽሰግዳ ፍቑድ ኮይኑ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ከምኡ'ውን ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ክፈላለ ዝኽእል እዩ።

**ኣገባባት ሰላተል-ዒድ**

ኢማም ክስግድ እንከሎ ሓደ ካብ ክልተ ኣገባባት ገይሩ ክስግድ ይኽእል። ቅድሚ ሰላት ምጅማሩ ድማ ብኸመይ ኣገባብ ክስግድ ምዃኑ ይሕብር።

**ቀዳማይ ኣገባብ፡**

ኣብ ቀዳመይቲ ረከዓ ሰላተል-ዒድ፡ ኢማም ድሕሪ ናይ ኢሕራም ተክቢር (ቀዳመይቲ ኣላሁ-ኣክበር) ከምኡ'ውን መኽፈቲ ዱዓ፡ ኮይኑ ግን ቅድሚ ሱረት ኣልፋቲሓ ምቕርኡ ሰለስተ ዝያዳ ተክቢራት ይገብር። ኩሉ ዝሰግድ ዘሎ ድማ ልክዕ ከም ናይ ተክቢራት ኢሕራም ኣብ ነፍስ-ወከፍ ተክቢራት ነእዳዉ ሓፍ ድሕሪ ምባል መሊሱ ነእዳዉ ናብ ጎኒ ይምለሳ። ድሕሪ ሳልሰይትን ናይ መጨረሻ ተክቢር ከም ልሙድ ሰላት ይቕጽል።

ኣብ ካልኣይቲ ረከዓ ሰላተል-ዒድ፡ ኢማም ንሱረት ኣልፋቲሓ ከምኡ'ውን ገለ ካብ ቁርኣን ይቐርእ። ብድሕር'ዚ ሰለስተ ዝያዳ ተክቢራት ይገብር። እዚኣን ከም ናይ ቀዳመይቲ ረከዓ ተክቢር ኮይነን ድሕሪ ሳልሰይቲ ተክቢር ኣእዳው ንጎኒ ሸነኽ ይኾና። ብድሕር እዚኣን ሰለስተ ተክቢራት ምስተፈጸማ፡ ተክቢር ጌርካ ኣእዳውካ ሓፍ ከየበልካ ናብ ርኩዕ ትወርድ።

**ካልኣይ ኣገባብ፡**

ሰላተል-ዒድ ልክዕ ከም ካልኦት ሰላት በተክቢር ኣል-ኢሕራም ጀሚሩ መኽፈቲ ዱዓ ይቕጽል። ኣብ ቀዳመይቲ ረከዓ ሸውዓተ ተክቢራት ብምስዓብ ኣብ ካልኣይቲ ረከዓ ድማ ሓሙሽተ ተክቢራት ይስዕባ። ዝተረፈ ሰላት ልክዕ ከም ካልኦት ልሙድ ሰላት ይከናወን።

**ናይ ዒድ ኹጥባ**

ብሱና ረሱል ሰ.ዓ.ወ. መሰረት ናይ ሰላተል-ዒድ ኹጥባ ድሕሪ ሰላት ምስጋድ ስለዝኸውን፡ ድሕሪ ሰላተል-ዒድ ኢማም ኹጥባ ይገብር።

**ዒድ ኣብ ጅምዓት መዓልቲ ምስ እትውዕል**

ዒድ መዓልቲ ኣብ ጅምዓት መዓልታት ምስ እትውዕል፡ ንሰላተል-ጁምዓ እውን ምስጋድ ናይ ባዕላዊ ምርጫ ይኸውን። ኣብ ሓዲስ ኣቡ ሁረይራ ተመዝጊቡ ከም ዘሎ፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. "ኣብ'ዛ መዓልትኹም

ክልተ ዒዳት ብሓንቲ መዓልቲ ኣጓኒፈን ኣለዋ፡ ሰላተል-ጁምዓ ክሰግድ ዘይደለየ ሰብ ነጻ እዩ” ክምዝበሉ ተመዝጊቡ ይርከብ። ኣብ ብዙሓት መስጊዳት ወላ ዒድ ኣብ ጅምዓት መዓልቲ ትውዓል፡ ሰላተል-ጁምዓ ይስገድ እዩ።

## 4. ሕርዶት ዒድ ኣል-ኣድሓ

ሕርዶት ዒድ ኣል-ኣድሓ ሱና ሙኣከድ (ዝተረጋገጸ ሱና) እምበር ፈርዲ ስለዘይኮን ግዴታዊ ትእዛዝ ረቢ ሱ.ወ. ኣይኮነን። ኮይኑ ግን ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ይገብርዎ ስለዝነበሩ ከምኡ’ውን በገባብ ምስ ዝከናወን ዘለዎ ኣጅርን ስነ-ኣእሙሮኣዊ ረብሓታት ብዙሕ ስለዝኾነ ዓቕሚ ዘለዎ ኩሉ ጾታ ብዘየገድስ ክገብሮ ዘለዎ ኣድላይን ኣገዳስን ተግባር እዩ። ሕርዶት ዒድ ኣል-ኣድሓ ግዴታ ዝኾኖም ዓቕሚ ንዘለዎም ሓጅ ዘካይዱ ንዘለዉ ጥራሕ እዩ።

### ንዒድ ኣል-ኣድሓ ንሕርዶት ብቑዓት ዘይብሎም ኩነታት እንስሳ

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ብዛዕባ ኣብ ናይ ዓረፋ ሕርዶት ክሕረዳ ዘይብለን እንስሳታት ምስ እተሓተቱ ብኢዶም ብምምልካት “ኣርባዕተ፡ ንሰን ድማ፡

ርኡይ ዝኾነ ሓንካስ፣ ኣካለስንኩል ወይ ለውሳስ ዝኾነት እንስሳ

ዕውርቲ፣ ሓንቲ ዝዓይና ወይ ድማ ኣ ዓይና ጸገም ዘለዋ ኮይና ርኡይ ዝኾነ ጉድለት ዘለዋ

ሕምምቲ ወይ ርኡይ ዝኾነ ሕማም ዘለዋ ከምኡ’ውን ዝኾነ ዓይነት ቃንዛ ወይ ስቅያት ዘለዋ

ዝማህመነት ወይ ዝማሰነት ኮይና ንምግዛእ ወላ ሓደ ሰብ ዘይመርጻ” ኢሎም መሊሶም።

### ናይ ሕርዶት ክማላእ ዘለወን ቅድመ-ኩነታት

ናይ ዒድ ኣል-ኣድሓ ሕርዶት ንምግባር ክማላእ ዘለወን ስዒበን ዘለዋ ሽዱሽተ ቅድመ-ኩነታት ኣለዋ።
ዝሕረዳ እንስሳታት ካብ እንስሳታት-ዘቤት ከም ገመል፣ ከብትታት፣ ኣባጊዕ፣ ኣጣል ክኾና ኣለወን። ናይ’ዚ መወከሲ ኣብ ሱረት ኣል-ሓጅ ኣያ 34 (22፡34) ሓፈሻዊ ትርጉማ ድማ፡ ንኹሉ ሕብረተሰብ ሽም ረቢ ዘኪሮም ካብ ዝሃቦም እንስሳታት ሕርዶት ዝገብሩሉ ስርዓት ከምዝተገበረሎም ኢያ ትሕብር።

[وَلِكُلِّ أُمَّةٍ جَعَلْنَا مَنسَكًا لِّيَذْكُرُوا۟ ٱسْمَ ٱللَّهِ عَلَىٰ مَا رَزَقَهُم مِّنۢ بَهِيمَةِ ٱلْأَنْعَٰمِ ۗ فَإِلَٰهُكُمْ إِلَٰهٌ وَٰحِدٌ فَلَهُۥٓ أَسْلِمُوا۟ ۗ وَبَشِّرِ ٱلْمُخْبِتِينَ ﴿٣٤﴾]

ሓንቲ በጊዕ ንሓደ ሰብ ወይ ንሓደ ስድራ ከም ሕርዶት ክትቀርብ ትኽእል እያ።

ንዕድመ ብዝምልከት፡ ኣብ ሸሪዓ ተመዝጊቡ ከምዘሎ፡ ማለት ንኣባጊዕ 6 ኣዋርሕ፣ ንኻልኦት እንስሳታት ድማ እኹል ዕድመ ዝበጽሓ ክኸውን ኣለዎ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበልዎ፡ "ብዕድመ እኽልቲ ዘይኮነት እንስሳ ከም ሕርዶት ኣይትሕረዱ። ምስ ዘይትኽእሉ ግን ናይ 6 ወርሒ በጊዕ ክትሓርዱ ትኽእሉ ኢኹም" ኢሎም።

**<u>ዕድሜ ዝሕረዳ እንስሳታት ከም ስዒቡ ዘሎ ክኸውን ኣለዎ፡</u>**

ሽዱሽተ ኣዋርሕ ንኣባጊዕ

ሓደ ዓመት ንኣጣል

ክልተ ዓመት ንከብቲ

ሓሙሽተ ዓመት ንኣግማል

ተቖሪባ ዘላ እንስሳ ከም ሕርዶቱ ገይሩ ቀሪብዋ ዘሎ ሰብ ዋናኣ ክኸውን ኣለዎ። ወይ ድማ ብሸሪዓ ወይ ብዋናኣ ፍቓድ ዝተወሃቦ ክኸውን ኣለዎ። ብሓይሊ፣ ብስርቂ ወይ ሓላል ብዘይኮነ ኣገባብ ዝመጸት እንስሳ ከምሕርዶት ምሕራድ ዝከኣል ኣይኮነን። ንዘኽታማት ዘመሓድር ዘሎ ሰብ ብፍቓድ ምስዝኸውን ብሽሞም ሕርዶት ክገብር ይኽእል እዩ።

ከም ትሕጃ ወይ ከም ሓደራ ዝተተሓዘት እንስሳ ከም ሕርዶት ምሕራድ ዝከኣል'ውን ኣይኮነን።

**መዓስ ክሕረድ ኣለዎ?**

ሕርዶት ድሕሪ ሰላተል ዒድ-ኣል ኣድሓ ጀሚሩ ክሳብ መበል ዓሰርተሰለስተ መዓልቲ ዙልሕጃ ጸሓይ ምስ ዓረበት ኣብ ዘሎ ግዜ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ማለት ሕርዶት ክካየደሉ ዝኽእል ኣርባዕተ መዓልታት ኣለዋ - እዚኣን ድማ ባዕላ ዒደል-ኣድሓ መዓልቲ ከምኡ'ውን ስዒበን ዘለዋ ሰለስተ መዓልታት እየን (ክሳብ መበል 13 ዙልሕጃ መዓልቲ)። ኮይኑ ግን ብዝተኽኣለ መጠን ቀልጢፍካ ምሕራድ እቲ ዝበለጸን ዝምረጽን እዩ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ቀልጢፎም ብምሕራድ ኣብ ዒድ መዓልቲ ዝበልዕዋ ስጋ ካብ ሕርዶት ዒድ ነይሩ።

ኣብ'ዘን ናይ ሕርዶት መዓልታት ኣብ እዋን ቀትሪ ወይ ድማ ኣብ እዋን ለይቲ ምሕራድ ዝከኣል ኮይኑ ኣብ እዋን ቀትሪ ግን እቲ ዝምረጽ እዩ። እቲ ዝበለጸ እዋን ድማ ዒድ መዓልቲ ድሕሪ ሰላተል ዒድን ኹጥባን እዩ።

ቅድሚ ሰላተል-ዒድ ምውድኡ ወይ ድማ ድሕሪ መበል 13 ዙልሕጃ መዓልቲ ዝሕረድ ከም ናይ ዒድ ኣል-ኣድሓ ሕርዶት ኣይቁጸርን እዩ። ኣብ ካልኦት መዓልታት ከም ዝተሓረደ ተራ ስጋ እዩ ዝሕሰብ።

**ክሕረድ እንከሎ እንታይ ይበሃል?**
ቢስሚላህ፣ ወላሁ ኣክበር፣ ኣላሁማ ሃዛ ሚንካ ወለካ፣ ሃዛ ሚኒ (ወይ ድማ ኣላሁማ ተቐበል ሚኒ) ወዓን ኣህል በይቲ፣
(ብሽም ካልእ ሰብ ምስ ዝሕረድ ድማ - ሃዛ ዓን [ሽም ናይ'ቲ ሰብ]፣ ኣላሁማ ተቐበል ሚን [ሽም ናይ'ቲ ሰብ]፣ ወዓን ኣህል በይት [ሽም ናይ'ቲ ሰብ]

بسم الله والله أكبر، اللهم هذا منك ولك، اللهم هذا عني (أو اللهم تقبل مني) وعن أهل بيتي، أو عن فلان -إذا كانت أضحية موصٍّ

ኣብ ዒድ ኣል-ኣድሓ ኣወሃህባ ሰላምታን ሰናይ ትምኒት ምግላጽን

እዚ ኣገባብ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለ ኮይኑ ዒድ ሙባረክ (عيد مبارك)፣ ዒድ ሰዒድ (عيد سعيد)፣ ኩሉ ዓም ወኣንቱም ቢኼር (كل عام وانتم بخير)፣ ተቐበለላህ ሚንና ወሚንኩም ምባል እተን ኣዝየን ልሙዳት ዝኾና ኢየን። ከም መልሲ ድማ ፍሽኽን ንዝተበሃለ ምድጋም እኹል ክኸውን ይኽእል ኢዩ።
ስድራ ንደቆምን ነንሕድሕዶምን ከምኡ'ውን ንፈተውቶም ህያባት ምሃብ ልሙድ እዩ። ኣብ ቡኻሪ ሰፊሩ ከምዘሎ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ነንሕድሕድካ ህያብ ምውህብ ብምዝኽኻር ፍቕሪ ክፈጥር ከምዝኽእል ሓቢሮም።

## 5. ናይ ተሽሪቕ መዓልታት - ኣያም ኣል-ተሽሪቕ (أيّام التّشريق)

ኣያም ኣል-ተሽሪቕ ተባሂለን ዝጽወዓ ድሕሪ ዒድ ኣል-ኣድሓ ስዒበን ዝመጻ ሰለስተ መዓልታት ማለት፡ ዕለት 11፣ ዕለት 12 ከምኡ'ውን ዕለት 13 ናይ ዙልሕጃ እየን።
ገለ ካብ ትርጉማት ቃል "ተሽሪቕ"፡ ሕጉስ ገጽ ምርኣይ ወይ ድማ ንስጋ ንኽነቅጽ ኣብ ጸሓይ ምስጣሕ ማለት እዩ።
ካልእ መጸውዒ ሽመን ኣል ኣያም ማዕዱዳት (ውሱናት መዓልታት) እዩ።
ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 203 (2:203) ኣብ ውሱናት ዝኾና መዓልታት ክንዝክሮ ከመዘለና ይሕብረና፡

وَٱذۡكُرُواْ ٱللَّهَ فِيٓ أَيَّامٖ مَّعۡدُودَٰتٖۚ

ብዙሓት ዑለማእ ከምዝሰማምዕሉ እዘን መዓልታት ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ኣያም ኣል-ተሽሪቕ ምዃነን እዩ። ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ከምዝርከብ፡ እዘን መዓልታት ድማ ብሓላል መንገዲ ተሓጒስካ እትውዕለለን ናይ ምብላዕ፣ ምስታይን ናይ ረቢ ሱ.ወ. ምዝካርን መዓልታት እየን።

**ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ**
ኣብ’ዘን መዓልታት ኣብ ኩለን ፈርዲ ሰላት ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ ምባል ግቡእ (ዋጅብ) እዩ።
ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ፡ “**ኣላሁ ኣክበር፣ ኣላሁ ኣክበር፣ ላኢላሃ ኢለላህ፣ ወላሁ ኣክበር፣ ኣላሁ ኣክበር፣ ወሊላሁል-ሓምድ**” ምባል እዩ።

اَللهُ اَكبَرْ اَللهُ اَكبَرْ لَآاِلٰهَ اِلَّااللهُ
وَاللهُ اَكبَرْ اَللهُ اَكبَرْ وَلِلهِ الحَمدُ

ኣብ ሱረት ኣስ-ሳፋት ኣያ 107 (37፡107) ሰፊሩ ከምዘሎ ሰይድና ኢብራሂም ንወዶም ኢስማዒል ንኽብጃዉ ካብ ረቢ ሱ.ወ. ትእዛዝ ተዋሂብዎም።

وَفَدَيْنَٰهُ بِذِبْحٍ عَظِيمٍ

በዚ መሰረት ንካራኦም ናብ ወዶም ኢስማዒል ከምርሕዋ ምስ ጀመሩ መላኢካታት ካብ ጀና ሕርዶት ዝኸውን ካልእ እንስሳ (ዕየት) ሒዞም “**ኣላሁ ኣክበር፣ ኣላሁ ኣክበር**” እንዳበሉ መጺኦም። ሰይድና ኢብራሂም ነዚ ድሕሪ ምስማዕ “**ላኢላሃ ኢለላህ፣ ወላሁ ኣክበር**” ኢሎም መለሱ። ሰይድና ኢስማዒል ድማ ረቢ ሱ.ወ. ካብ ፈተነ ከምዘድሓኖም ስለዝተረድኦ ትቕብል ኣቢሎም “**ኣላሁ ኣክበር፣ ወሊላሁል-ሓምድ**” ኢሎም መለሱ።

**ናይ ግዜ ንውሒ ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ**
ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ ድሕሪ ሰላተል-ፈጅር 9ይቲ መዓልቲ ዙልሕጃ (ቅድሚ ዒድ ኣል-ኣድሓ ዘላ ባዕላ መዓልቲ ዓረፋ) ጀሚሩ ክሳብ ድሕሪ ዓስሪ መበል 13 መዓልቲ ዙልሕጃ (ሳልሰይቲ መዓልቲ ዒድ) ብጠቕላላ ን5 መዓልታት ዝካየድ እዩ። ድሕሪ ነፍስ-ወከፍ ፈርዲ ሰላት ጥራሕ (ናብ ክልቲኡ ሸነኽ ሰላመት ድሕሪ ምምላስ) ብውሑዱ ሓንሳብ ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ ምባል ግቡእ እዩ። ዘረባ ቅድሚ ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ ምዝራብ ወይ ተሲእካ ናብ ካልእ ቦታ ምንቅስቓስ ነዚ ዕድል የፍሽሎ ስለዝኾነ ብቐጥታ ኣስዒብካ ክበሃል ኣለዎ። ድሕሪ ካልኦት ሰላት ንኣብነት ድሕሪ ሱና ምስጋድ’ውን ክበሃል የብሉን። ተከቢራት ኣል-ተሽሪቕ ብሰብኡትን ደቀንስትዮን እንተ በይኖም ወይ ኣብ ጀማዓ ኮይኖም ፈርዲ ምስ ሰገዱ ዝበሃል እዩ። ሰብኡት ዓው ኢሎም ክብሉ እንከለዉ ደቀንስትዮ ግን ድምጻን ኣትሒት ኣቢለን ይብለኦ።

**ጾም ኣብ እዋን ኣያም ኣል-ተሽሪቕ**

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበልዎ፡ “መዓልቲ ዓረፋ፣ መዓልቲ ናህር (ባዕላ ዒድ ኣል-ኣድሓ 10ይቲ ዙልሕጃ) ከምኡ’ውን ኣያም ኣል-ተሽሪቕ (ዙልሕጃ 11, 12, 13) ዒድና ኢየን። እዘን መዓልታት ድማ ናይ ምብላዕን ምስታይን ከምኡ`ውን ናይ ረቢ ምዝካር መዓልታት ስለዝኾና ኣብ’ዘን መዓልታት ምጿም ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ስለዝኸልከልዎ ቅቡል ኣይኮነን።




*ስእሊ 7፡ ተክቢራት ዒድ*

## 6. ካልኦት ዒዳት ኣለዉ ዶ?

ካብ’ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክልተ ናይ ኢስላም ዕላውያን ዒዳት ካልኦት ክኽበሩ ዘለዉም ዒዳት የለዉን፡ ምስ ዝህልዉ ድማ ካብ ቁርኣንን ሱናን ወጻኢ ዝኾኑ እዮም። ኣብትሕቲ’ዚኦም ከም ዒድ ክውሰዱ ዘይብሎም መዓልታት ከም ንኣብነት “መውሊደ-ነቢ”፡ “ህጅሪያ ሓዲሽ ዓመት”፡ “ፍርቂ ሻዕባን” ዝኣመሰሉ ምፍላጦም ጽቡቕ ዝኾነ፡ ኮይኑ ግን ክበዓሉ ይኹን ከም ዒድ ክውሰዱ ዘይብሎም መዓልታት እዮም።

## 7. ኣገደስቲ ኣዋርሕ ኣብ ኢስላም

ወርሒ ሙሓረም (ዕለት 1 ሙሓረም)

ናይ ኢስላም ሓድሽ ዓመት ኣብ ዕለት 1 ወርሒ ሙሓረም ይጅምር።

ወርሒ ሮሞዳን

ታሽዓይቲ ወርሒ ኮይና ብጾም፡ ቁርኣን ዝወረደላ ወርሒ ከምኡ’ውን ብለይለቱል-ቀድር ትፍለጥ።

ወርሒ ዙል-ሒጃ

ጉዕዞ ናብ መካ ዘመልክት ሓጅ ዝካየድላ ወርሒ ኮይና፡ ባዕሉ ሓጅ ኣብ መበል 8ይ መዓልቲ ዙል-ሒጃ ይጅምር።

## 8. ኣገደስቲ መዓልታት ኣብ ኢስላም

ጅምዓት መዓልቲ (يوم الجمعة - ናይ ምእካብ መዓልቲ)፡

ንጅምዓት መዓልቲ ካብ ካልኦት መዓልታት ፍሉይ ዝገብራ ረቢ ሱ.ወ. ንኹሉ ፍጡራት ድሕሪ ምኽላቑ ንሰይድና ኣደም ዝኸለቐላ መዓልቲ ብምኳና ብዝያዳ በረካ ዘለዋ መዓልቲ እያ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ኣብ መሳጊድ ብዝካየዱ ኹጥባታትን ሰላተል-ጁምዓን ብዝያዳ ዒባዳ ረቢ ሱ.ወ. ዝካየድ ኮይኑ፡ ኣብ ጅምዓት መዓልቲ ዝግበሩ ካልኦት ዒባዳታትን ጽቡቕ ተግባራትን ውጽኢቶም ዓቢ እዩ።
ጅምዓት መዓልቲ ዝተመረጸት ምኳና ኣብ ሓዲስ ኣቡ ሁረይራ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበሉ ብስዒብ ዘሎ ክፋል ሓዲስ ተጠቒሱ፡
( فَهَذَا يَوْمُهُمُ الَّذِي اخْتَلَفُوا فِيهِ هَدَانَا اللَّهُ لَهُ ـ قَالَ يَوْمُ الْجُمُعَةِ ـ فَالْيَوْمُ لَنَا وَغَدًا لِلْيَهُودِ وَبَعْدَ غَدٍ لِلنَّصَارَى)

**ለይለቱል-ቀድር**

ለይለቱል ቐደር ኣብ ሓንቲ ካብ ናይ ረሞዳን 10 መጨረሻ ለይትታት ትርከብ ኮይና ትርጉማ ድማ ናይ ጽሕፍቶ ለይቲ (Destiny) ፤ ናይ ሓይሊ ለይቲ (Power) ፤ ናይ ድንጋገ ለይቲ (Decree) ወይ ድማ ናይ ዓቐን ዝወሃበላ ለይቲ (Measures) ማለት እዩ። ኣብ ምሉእ ዓመት ድማ እታ ዝበለጸት ለይቲ እያ።

ረሱል ሰ.ዓ.ወ ከም'ዚ ይብሉ፤ "ረቢ ካብ ኩለን መዓልታት ንጅምዓት ኣብሊጹዋ፤ ካብ ኩለን ኣዋርሕ ንረሞዳን ኣብሊጹዋ፤ ካብ ኩለን ለይትታት ድማ ነለይለቱል ቐድር ኣብሊጹዋ"
ዒባዳታት ረቢ ብምብዛሕ ኣብ 1000 ኣዋርሕ ዝርከብ ኣጅርታት ብሓንቲ ለይቲ ንኽንረክብ ረቢ ሰ.ወ ዕድል ዝህበና ለይቲ እያ።

ለይለቱል-ቀድር ኣብ`ዘን ዓሰርተ መዓልታት ኣብ ዘለዋ ለይቲ ስለ እትርከብ፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. "ካብ እምነትን ቅንዕናን ተበጊሱ ኣብ ለይለቱል-ቀድር ክሰግድን ዱዓ ክገብርን ንዝሓደረ ዝኾነ ሙስሊም፡ ቀዳሞት ዘንብታቱ ክቕፈረሉ እዩ" ኢሎም።

**መዓልቲ ዓረፋ**

ታሽዓይቲ መዓልቲ ኣብ ዙል-ሒጃ ማለት ኣብ መበል ካልኣይ መዓልቲ ሓጅ ትውዕል ኮይና ንጽባሒታ ድማ ዒድ ኣል-ኣድሓ ይኸውን።

**መውሊድ-ነቢ**

ኣብ መበል 12 ረቢዐል ኣወል ትውዕል ኮይና ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ዝተወልዱሉ መዓልቲ እያ። ክበዓል ኣለዎ ዶ ወላ ይብሉን ዝብል ሕቶ ብዙሕ ዘካትዕን ዝተፈላለዩ ርእይቶታ ዝሓዘ እዩ። ሓፈሻዊ ኣረዳድኣ ግን ካብ ቁርኣንን ሱናን ወጻኢ ስለዝኾነ ከም ዒድ ወይ ፍሉይ መዓልቲ ርኢኻ ክኽበር የብሉን ዝብል ኣረኣእያ እዩ።

ኣብ ሓዲስ ቡኻሪን ሙስሊምን ተመዝጊቡ ከምዝርከብ፡ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ኢሎም፡
(لا تُطْرُونِي كَمَا أَطْرَتِ النَّصَارَى ابْنَ مَرْيَمَ، إِنَّمَا أَنَا عَبْدٌ، فَقُولُوا: عَبْدُ اللهِ وَرَسُولُهُ)
ልክዕ ክርስቲያን ንወዲ መርየም ከም ዝውድስዎ (ዘምልኽዎ) ጌርኩም ኣይትወድሱኒ፡ ኣነ ባርይኡ ስለዝኾንኩ 'ባርያ ረብን ልኡኹን እየ' በሉ"

( إِنَّ أَصْدَقَ الْحَدِيثِ كِتَابُ اللَّهِ وَأَحْسَنَ الْهَدْيِ هَدْيُ مُحَمَّدٍ وَشَرُّ الْأُمُورِ مُحْدَثَاتُهَا وَكُلُّ مُحْدَثَةٍ بِدْعَةٌ وَكُلُّ بِدْعَةٍ ضَلَالَةٌ وَكُلُّ ضَلَالَةٍ فِي النَّارِ)

"እቲ ኣዝዩ ሓቀኛ ዝኾነ መጽሓፍ፡ መጽሓፍ ረቢ እዩ፡ እቲ ዝበለጸ መንገዲ ድማ፡ መንገዲ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. እዩ። እቲ ዝበኣሰ ጉዳይ ድማ ሓድሽ ምህዞ (ኣብ ዲን) እዩ። ኩሉ ምህዞ ሕደሳ እዩ፡ ኩሉ ሕደሳ ድማ ካብ መንገዲ ምስሓት እዩ፡ ኩሉ ስሕታን ድማ ናብ ጀሃነብ እዩ"

**ዓሹራ**

ዓሹራ ንኽልተ ታሪኻዊ ተረኽቦታት ተዘኻኽር፡ ሰይድና ኑሕ ዓ.ሰ. ንመርከቦም ሓዲጎም ዝወጹላ መዓልቲ፡ ከምኡ'ውን ሰይድና ዒሳ ዓ.ሰ. ካብ ግብጻውያን ብረቢ ሱ.ወ. ዝደሓኑላ መዓልቲ እየን። ኣብ ዓሹራ ምጿም ብነጻ ድሌትካ ዝግበር እዩ።

ኣብ መበል 10ይ መዓልቲ ሙሓረም ትውዕል ኮይና ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ይጾሙ ከምዝነበሩ ስዒባ ዘላ ሓዲስ መብርሂ ትህብ።
( أَرْبَعٌ لَمْ يَكُنْ يَدَعُهُنَّ النَّبِيُّ صلى الله عليه وسلم صِيَامَ عَاشُورَاءَ وَالْعَشْرَ وَثَلاَثَةَ أَيَّامٍ )

(مِنْ كُلِّ شَهْرٍ وَرَكْعَتَيْنِ قَبْلَ الْغَدَاةِ)

በዚኣ ሓዲስ መሰረት ረሱል ዓ.ወ. 4 ነገራት ፈጺሞም ኣይሓድጉን ነይሮም፡
ዓሹራ ምጿም
10 መዓልታት ምጿም
ኣብ ኩለን ኣዋርሕ 3 መዓልታት ምጿም
ቅድሚ ሰላተል-ፈጅር ክልተ ረከዓታት ምስጋድ

**ለይቲ ረጀብ**

ሻውዐይቲ ወርሒ ኣብ ኣቆጻጽራ ህጅርያ ኮይን ሓንቲ ካብ`ተን ኣርባዕት ኣዋርሕ "الشّهر الحرام " (ክልኩላት ኣዋርሕ) ተባሂለን ዝጽዋዓ እያ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ናይ ረሱል ሱ.ወ. ኢስራ ወ ሚዕራጅ ኣብ'ዚኣ ወርሒ እዩ ተኻይዱ።

**ለይቲ ኢስራእን ሚዕራጅን**

ኢስራ ወ ምዕራጅ ንናይ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ንክልተ ጉዕዞታት ዘመልክታ ኮይነን፡ እታ ቀዳመይቲ ጉዕዞ ካብ መካ ናብ ቁድስ (መስጅደል-ኣቕሳ) ዝተጎዓዘላ ለይቲ ኢስራ ተባሂላ ክትጽዋዕ እንከላ፡ እታ ካልኣይቲ ጉዕዞ ድማ ናብ ሰማይ ዝዓረጉላ እያ።
እዛ ለይቲ ኣብ ሱረት ኣል-ኢስራ ኣያ 1 (17:1) ተጠቒሳ ትርከብ፡
[ سُبۡحَـٰنَ ٱلَّذِىٓ أَسۡرَىٰ بِعَبۡدِهِۦ لَيۡلاً۬ مِّنَ ٱلۡمَسۡجِدِ ٱلۡحَرَامِ إِلَى ٱلۡمَسۡجِدِ ٱلۡأَقۡصَا ٱلَّذِى بَـٰرَكۡنَا حَوۡلَهُ ۥ لِنُرِيَهُ ۥ مِنۡ ءَايَـٰتِنَآ‌ۚ إِنَّهُ ۥ هُوَ ٱلسَّمِيعُ ٱلۡبَصِيرُ]

سُبْحَانَ رَبِّكَ رَبِّ الْعِزَّةِ عَمَّا يَصِفُونَ ; وَسَلامٌ عَلَى الْمُرْسَلِينَ ; وَالْحَمْدُ لِلَّهِ رَبِّالْعَالَمِينَ.

وَقُل رَّبِّ زِدۡنِي عِلۡمًا